# ገንዘብኩም ክትቅጥቡ፣ ጉሓፍኩም መምዩ!


ካብ ጥሪ 2012 ጀሚሩ፣ ቀረጽ ናይ ጉሓፍ ብኸረጺት (ፈስታል) ይትግበር አሎ፣ በዚ መሰረት ኸኣ፣ ከም ብዝሒ ናይቲ ዝቃጸል ጉሓፈኩም፣ ቀረጽ ትኸፍሉ፡፡ እምበ ኣር፣ ብዝሒ ጉሓፍኩም ንኽትድርቱ አብዚ ዝስዕብ ብመጠኑ ብርክት ዝበለ ጠቓሚ ሓበሬታ ተመልከቱ፣

## ድኹዒ (Compost)



ኩሉ ምግቢ፣ ዝበሰለ ይኹን ጥረ፣ ከምኡ ዉን ቅራፍ እንቃቁሖ፣ ድከት ቡንን ሻህን፣ ዕንባባ፣ አታኽልቲ፣ ገረብ ልደት (ሳፓን ድ ኖወል)፣ ጉሓፍ ኣታኽልቲ ሕርሻ (ጃርዲን)፣ ካብ አታኽልቲ ዝስራሕ መንጸፍ እንስሳታት (ሳዕሪ ወይ ሓሰር) አብቲ ድኹዒ ክኣቱ አለዎ፣ ፡፡ ብኣንጻሩ ስጋን ካብ ስጋ ዝስርሑ ፍርያት ከምኡ ዉን ዓሳ አብዚ ድኹዒ ክኣትዉ የብሎምን፡፡

## ወረቐት



ዝኹነ ወረቐት፣ ብዘይካ ዝተበላሸወ ወይ ዝጠልቀየ ወረቐት፣ ከም መንዲል፣ ወረቐት ሽቓቕ፣ ወረቐት ገዛ (መወልወሊ)፣ ወረቐት መጠቕለሊ ምግቢ፡፡ ካርቶን ወይ ባኮ ተፈልዩ እዩ ዝእለ፡፡

## ባትሪ ፣ ሉቺ (ኣምፑል)፣ መድሃኒት



ባትሪን ሉቺን (ኣመፑል) ናብቲ ዝገዛእኩምሉ ዕዳጋ (ዱካን) ፣ መድሃኒት ናብ ፋርማሲ ፣ ክትመልስዎ ትኽእሉ፡፡

## ጥርሙዝ ፕላስቲክ ፐት (pet)





መጀመርያ ነቲ ጥርሙዝ ፕላስቲክ ጨፍሊቕዎ፣ ምእንቲ እቲ አብ ዉሽጢ ዘሎ አየር ንኸወጽእ፣ ድሐሪኡ ሓቲምኩም፣ ናብ ተፈላለየ ዕዳጋታት ወይ ኸኣ ናብቲ ንዕኡ ዝተቀረበ ገንኢ (ኮንተይነር) ተበጽሕዎ፡፡

## ጥርሙዝ




ጠራሙዝ በብዓይነቱን በብሕብሩን ፣ ናብቲ እንዳ ጉሓፍ ወሲደኩም ፈሊኹም ትድርብይዎ (ጻዕዳ፣ ቀጠልያ፣ ቡናዊ)

## አለሙንዩም፣ ሓጺዉን




ቱቦ፣ ታኒካ፣ ወረቐት አለሙንዩም፣ መኽደኒ ርግኦ (ያዉርት)፣ እዞም ተጠቐሱ አቅሑ ወላ እንተ ረስሑ፣ ከም ብሓድሽ አበ ረብሓ ክዉዕሉ ስለ ዝኽእሉ፣ ናብቲ እንዳ ጉሓፍ፣ ትወስድዎም

## ጨርቂ (ክዳዉንቲ)



ሓጺብኩም፣ ናብቲ ንዕኡ ተባሂሉ ዝመጻኩም ኸረጺት (ፈስታል) ተእትዉዎ፡፡ እቲ ኸረጺት በብግዘይኡ አብቲ ናይ ፖስታ ሳንዱቕ ክትረኽብዎ ኢኹም፡፡ ደሕሪኡ ነቲ ዝመለኤ ኸረጺት ናብቲ ገንኢ (ኮንተይነር) ተብጻሕዎ፣ ወይ አብቲ ክዳዉንቲ ዝእረየሉ ዕለት አብ አፍደገ ገዛኹም ተቕምጥዎ፡፡

### ፍሉይ ጉሓፍ



ተረፍ ሕብሪ (ቦያ) ፣ ከምኡ ዉን ፍሉይ ባህርያት ዘለዎም ፍርያት (ናይ ጽገና፣ ጃርዲን ወይ ናይ ጽሬት) ናብቲ ዝገዛእኩምሉ ቦታ ወይ ኸኣ ናብዘን ሽዱሽተ (6) ኣብዚ ካንቶን ዝርከባ፣ ንፍለይ ጉሓፍ ዝኣልያ እንዳ ጉሓፍ ተብጽሕዎ፡፡ ኣድራሻ ናይዘን ቦታታት ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ይርከብ፣: www.ne.ch/dechets sous: spéciaux des ménages

## ነዚ ኹሉ ተፈላለየ ዓይነት ጉሓፍ ናበይ ተብጽሕዎ (ትወስድዎ) ?

**ናብቲ ኮንተይነራት ኣብ ተፈላለየ ኩርናዓት ዝርከብ ወይ እንዳ ጉሓፍ፣** ወረቐት፣ ካርቶን፣ ጥርሙዝ ፕላስቲክ ፐት (PET) ፣ ከዳዉንቲ፣ ጥርሙዝ፣ ዘይቲ፣ ኣለሙንዩም፣ ሓጻዉን ፡፡

**ናብቲ ዝዓደግኩምሉ ዕዳጋ፣** ዝኾነ ናይ ኤለክትሪክ ወይ ኤለክተሮኒክ ኣቕሓ፣ ባትሪን ሉቺን (ኣምፑል)፣

**ናብቲ ንፍሉይ መእከቢ ቦታ፣** ናይ ጸሬት ወይ ጽገና፣ ናይ ጃርዲን ፍርያት

## ኣብ ኸረጺት ጉሓፍ ዝኣቱ



ኩሉ እቲ ዝተረፈ ( ብዘይካ ጥርሙዝ፣ ዝኹነ ኣቕሓ ፕላስቲክ፣ ባኮ ናይ ጁሟቕ ፍሩታ፣ ኸረጺት ኣስፒራተር፣ ረሳሕ ወረቐት፣ ሓሰር መደቀሲ ድሙ)፡፡

## እቲ ዝኽፍል ቀረጽ ዋጋ ናይታ ኸረጺት ጉሓፍ እዩ

እትን ብሕጊ ዝፍቀዳ ኸረጺት፣ NEVA ዝበሃለ ኮይንን፣ ዋግኤን ኸኣ ከምዚ ዝስዕብ ይኸዉን፣ 1 ፍራንክ ን 17 ልትሮ፣ 2 ፍራንክ ን 35 ልትሮ፣ 3.40 ፍራንክ ን 60 ልትሮ፣ 6.10 ፍራንክ ን 110 ልትሮ፡፡ እዘን ኸረጺት ኣብ ዝተፈላለየ ዕዳጋታት ይሸየጣ፡፡

### ንዝያዳ ሓበሬታ

ከተማ ኑሻተል፣ http://www.2000neu.ch
ከተማ ላሾድፎን፣ http://www.letri.ch
ከተማ ሎ ሎክል፣ http://www.lelocle.ch
ነተን ካልኦት ኮሙን (ቀበሌ) ንዝምለከት፣ ኣብቲ ናይ ኮሙን ቤትጽሕፈት ክሕተት ይከኣል
ካንቶን ኑሻትል፣ http://www.ne.ch/environnement/dechets

## ቫል ድ ትራቨር / ኮት ድ ፈ/ ለ ቨርየር / ለ ብርቪን

እቲ ምምማይ ጉሓፍ ክምቲ ናይ ካልኦት ከይኑ፣ እተ ዝኽፍል ቀረጽ ግን ብሚዛን ናይ ኸረጺት ጉሓፍ ይኸዉን፡፡ ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብዚ ቁጽሪ ተለፎን ትድዉሉ 032/886 43 00 ወይ ኣብዚ ኣድራሻ ኢንተርንት ይርከብ፣www.val-de-travers.ch